# ዒፍ መርገፍ ከራውድዮን

ዒፍዩ ከራውድዮን
ዘርኡ ዘርኢ ኣስዋሩ
እንቁላሊሕንከ ዒፍ
ዒፍንከ እንቁላሊሕ ብሓፂሩ::

ኣያታትና ቶም ሰብ ቅያ
ቶም ሰብ ቀደም ቶም ሰብ ሞያ
ወለድና ዕራዕ ጥንቲ
ደቂ መሬት ቶም ጠበብቲ
ምስዚ ሕያዋይ ዒፍ ዘተኣሳሰሮም
እንኮ ፅንዒ ኣደብ ጋር እምነት ነበሮም::

ሻቡ! እቲ ሻቡ! ሻቡ! ጊዘ
ዘመን ተይኣረገ
ዓመት መፀ ወርሓት ተይነቐዘ
ሰብ ተተኸሲኡ
ፍጡር ተሓሚሙ
ብሕሱም ፀለውታ
ግንዘት ክተርክብ ተሰሪዓ ታርታ
ኣስዋር ተፋዝዩ ቆፅሊ ተበጢሱ
ዛፅጎል ተደርብዩ ዕጣን ተጣይሱ
ካን! ተይሉ መፍትሔ ስራይ&
ኣብዝኣምንዎ ደብሪ ደገሰላም
ደው ኢሎም ሓዲሮም
መስጊድ እንዳባ ኾሊሎም ለሚኖም
እምኒ መፅባዓ ጠቒያም
ካን! እንተይሉ ዝትኣድነ ውራይ
ኩሉ ኣንቂፁ ኣቕቢፁ
ኣዱኛ ተታሒዛ ፀግዒ እንዳሞት ኮይና
ኣህፊፋ እንትትሕቆን
ሻቡ እቲ ሻቡ ሻቡ ይደለ
ዒፍ መርገፍ ከራውድዮን::

ከራውድዮን !

ካብ ፀው ፀፀው ዝበለ ኣጣሕስ በረኻ
ካብ እግሪ ማይ ዳዕሮ ማይሊሓም ማይሾኻ
ካብ እግሪ ማይ ለሚን ማይኣውሊዕ ማይጋባ
ካብቲ እምባ ኣኽራናት ከካብ ስግር ሩባ
ኣብኡ እናሃለወ ተሳኢኑ
ድሕሪ ብዙሕ ድልያ ተሃዲኑ
እንተንሱ
ጣሕ ሽም ሽምሽም ሰሚዑ
ንመሬት ኣንፂሪዑ
ብር ኢሉ ይወርድሞ ባይታ ሒዙ ይኑቂ
ሐንቲ ልቡ ከራውድዮን ኣይንፍቂ ኣይፍርቂ

ከራውድዮን

ከምዝፃወድ እናፈለጠ ተፃዊዱ
ከምዝታሓዝ እናፈለጠ ተቐይዱ
ብሃይታ ሃዳናይ ተይደንገፀ ብኹዕኑኑ
ተወኒኑ
ናብቲ ሕሙም ይቐርብ ህያብ ኮይኑ ተወኪፉ
ምሕሙም ይጠቡ አፍትዊፍ ብኣፉ
ንዳድ ክርትምትሙ ፀለው ፀለውታቱ ነቲ ዊፍ ኣሕሊፉ
ሕውየቱ ይሽምታ ኡፍታ ሩፍታ ኣዕሪፉ ::

ናይ ወድሰብ ስቃይ ዓርዒሩ ዝፆረ
ናይ ወድሰብ ሕማም ሓርጊፁ ዘምዐረ
ፅልመት ተኸዲኑ ክንዲካልኦት ክብል ክንቲቱ ዘሕረረ
ህይወት ሰብ ክሰርዕ ትንፋስ ዝገበረ
ሕውየት ንኽምፅእ ሂወቱ ዝኸስአ
ቀታል ሞት ኮይኑ አካሉ ዝጎድአ
ከራውድዮን
ስኣን ሓይሊ ጉልበት እንተይተሰነፈ
ንስቓይ ኣሳቐዩ ኒሑ እንተይሸረፈ
ተን ዘዋዝዋኦ ክንቲቱ ኣርኒቡ
ንብዓት ሊሐ ዝመስላ ኣዒንቱ ኣኪቡ
እህታ    እህህታ እስትንፋሱ ዓኹቱ
ናብ ድቅደቅ ባሕሪ ይኸታ ንነብሱ

ግን ግና ከራውድዮን
ንብር ኤሩ
ኤሩ ንብር ኤሩ ተሪሩ ተርኒዑ
ብጫ ቀይሕ ኮኾባይ ክንቲቱ ሰኹዑ
ከዓ ዊፍ መርገፍ ክኸውን ሽዊቱ ወሪዑ
ካብቲ ድቅድቅ ባሕሪ ወፅዩ
ሰማየ ሰማያት ይዛውን ይርክምከም
ከዓ ካሊእ ደዌ
ከዓ ካሊእ ወውራ
ከዓ ካሊእ ሰኸም
ክፀውር ክስከም

ኢያሱ በርሀ